# ስቕታ

ሃገር ኣልቦ ክትከውን ምስተፈረድካ

እንታይ ከይገብር ተባሂልካ ምስተነዓቕካ

ቋንቋኻን ባህልኻን ምስተሃርመ፡ ነፊጽካ በረኻ ወጺእካ

ተቓሊስካ ብደምን መስዋእትን ነጻነት ኣምጺእካ።

ኣብ ዓውደ ኲናት ሓርበኛ ኣብ ምሕደራ ኣበረኛ

ፍትሒ ኢሉ'ዩ ዘእዊ፡ ፍትሒ ንዝበሉ ዓመጸኛ

ልክዑ ዘይፈልጥ ንዝምነ ክኸውን ዞባዊ ዳኛ

ንዘይእመን ኣሚንካ ንሓደ ጉርኛ።

ጸላእትኻ ከተለሊ ንዝሓበሩ ንዝመሃሩ

ንዓኻን ንስለኻን ክብሉ በረኻ ንዝሰፈሩ

ንሰላም ንደሞክራሲ ንፍትሒ ንዝዝምሩ

ተራ ተጻዊትካ ተሃዲኖም ክርሸኑ ክሕየሩ።

ፍጹም እምነት ኣሕዲርካ ኣብ'ዚ ናይ ጥፍኣት ጉጅለ

ሓቂ መሲሉካ መን ከማይ እንተበለ

ዓገብ ኣብ ክንዲ ምባል ከይገበለ

ናተይ ኢልካ ወሲድካዩ ኣይፈለጥካን ከም ዝፈለለ።

እወ ባህሪ እዚ ጉጅለ ብግቡእ ከይፈልጥካ

ካብ ኲናትን ወረ ኲናትን ዝረሓቕካ መሲሉካ

ውሽጥኻ ከይትርኢ ብትምክሕታዊ ደሮና ዓዊርካ

ደረት ጥሒስካ ንሕና'ኮ ንሕና'ኮ ኣብዚሕካ

ሰብን ውጹዕን ክንስኻ፡ ንሰባትን ውጹዓትን ንዒቕካ

ኣብ ድሕረት ተኣሊኽካ ድኹዒ ምልኪ ኮይንካ።

እቲ ዝኣመንካዮ ኣንጉዕካ ከማጺ ምስ ጀመረ

ምስ ሰኣንካ ዝነበረ፡ ምስ መጸኣካ ዘይነበረ

ኣእምሮኻ ምስተናወጸ ከብድኻ ብጓሂ ምስ ሓረረ
ክትሓትት ጀሚርካ ኣበይ ነይረ እንታይ ገይረ።

እንተኾነ ሰኣን ንጹር ኣረኣእያ
ደቕኻ እናተበልዑ ብዓሳ ብራውያ
ብባርነት እናገልገሉ ብዘይ መሃያ
እናንቆልቆለ ክብሪ ሃገረ ኤርትሪያ
ምስ ሰኣንካ ኣለኹ ዝብል እሙን ኣያ
ንስቕታ ከም ምርጫ ወሲድካያ።

ምርጫ ስቕታ ግን ስለምንታይ ንምንታይ
መላኺ ጉጅለ ምስ ኮራኹሩ እናዓንደረ ከም ኣብታይ
ኣድኪዮ ከንበርክኸካ ክትብሎ እሺ ጎይታይ
ኣብ ክንዲ ተቓሊስካ ትቐጽዖ ተብሎ ኣይደግምን ዳሕራይ
ንምልኪ ምርዓምካስ ጸጊሙ ንፈራዳይ።

ካብ ዛራ ማና

ብሓልዮት ደሞክራስያዊ ግንባር ሓድነት ኤርትራ ዝፍኖ፡ ድምጺ ሰላምን ደሞክራስን ኤርትራ፡ 07-02-2018